ዕለት 21.06.10

# መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ከለን ብኽብሪ ተዘኪሩ

ኤርትራዊያን ተቐማጠ ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 20.06.2010 ካብ ሰዓት 13.30 ክሳብ ሰዓት 18.00 ኣብታ ብ2008 ዓ.ም. ብመንእሰያት ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን እተተኽለት ገረብ ሰውኣት ተራኺቦም ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም። መዓልቲ ሰዉኣት ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ዝተሰነየ ዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ ፡ ተሳተፍቲ መደብ ንዕስራ ሰነ ዘንጸባርቕ ጭርሖታቶ ሒዞም ብተመሃሮ ማሕበረኮም ዝምራሕ ዜማ ቅሰኑ ሰማእታትና እናዘመሩ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካይዶም ። ናብ ገረብ ሰማእታት ምስ ተመልሱ፡ መግለጺ ናይታ ክብርቲ መዓልቲ ብሸማግለ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ቀረበ። ቀጺሉ ነቶም ኣብ ምንባይ ስድራቤት ሰውኣት ዝተሳተፉ ዕዉታት ሃገራውያን፡ እቲ ብኢምባሲ ሃ/ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝዳሎ ናይ ተስታፍነት ምስክር ወረቐት ተዓደለ። ናይ ሰማእታት ግጥምታት ብብጸይቲ ኣምና ሳልሕ ብቋንቃ ትግሬ ፡ ብብጸይቲ ኣልማዝ ተስፋማርያምን ኣልማዝ መብራህቱን ብትግርኛ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ተመሃሮ ማሕበረኮም ብዝተፈላለዩ መዛሙር ነቲ መደብ ቀጸልዎ። ሰዒቡ ኣቶ ዮውሃንስ ደባስ ካብ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍራንክፈርትን ዓበይቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ንስነስርዓት እቲ መደብ (ሸምዓ) ብምብራህ መርሕዎ። ተሳተፍቲ መደብ ድማ ነቲ ኣብነታትዊ ጅግንነትን ተወፋይነትን ሰማእታት ኤርትራ ብምሙጓስን ብምስትንታንን ንሰማእታትቶም ውሽጣዊ ሕልናዊ ቃል ኪዳንኖም ድሕሪ ምሕዳስ ኣብቲ ተቐሪቡ ዝነበረ እኽለማይ ምስታፍ ጀመሩ።

ኣብ መደምደምታ ሸማግለ ማ/ኮም ከለን ንብኣጋጣሚ 20 ሰነ ብወ/ሮ ኪዳን ተዓገሰ ብሸያጥ ምግቢ ዝኣተወ 156.00€ ብወ/ሮ መርሃዊት ኢሳያስ ዝተወፈየ 100.00€ን ብተስተፍቲ መደብ ዝተኣከበ 344.00€ ፡ ብድምር 600.00€ ዝተገብረ ኣታዊ ናብ ቆፎ ሰማእታት ከምዝውፈ ንተስተፍቲ ገሊጸ።

ከምወትሩ ብተሳትፎ ኣብ ሰራሓ ናይቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ኩለን ሃገራውያን ማሕበራትን ካብ ከለንን ከባቢን ዝመጹ ኤርትራዊያንን ልክዕ ሰዓት 6.00 ድ.ቀ. መደብ ዝኽሪ ሰማእታት ብዓወት ተዛዘመ።

ክብርን መጎስን ነቶም በጃና ዝሓለፉ ሰማእታት ኤርትራ

ዓወት ንሓፋሽ

ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
Eritreischer Kultur- und Sozialverein e.V. Köln